ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ

DECSI

# ደደቢት ትካል ልቓሕን ምዕቛርን . ኣ. ማ
## ኤም-ብር ኣካውንት ናይ ዓሚል ውዕልን ኩነታትን

## ውዕልን ኩነታትን

እዚ ሰነድ ንሶም ብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ናይ ኤም–ብር ሞባይል ገንዘብብ ዝውውር ግልገሎት ንዝህልዎም ተሳትፎ ተግባራዊ ዝኾኑ ሙሉእ ውዕሊን ቅድመ ኩነትን ዝሓዘ እዩ፡፡ ምስዚ ሰነድ ሐባሪ ኮይኑ ዝቐረበ መመዝገቢ ቅጥዒ ብምፍራም ናይ ኤም–ብር ግልጋሎት ዓሚል ኮይኖም እንትምዝገቡ በዚ ናይ ኣጠቓቕማ ቅድመ ኩነትን ንክምርሑ ወይ ተገዛኢ ንክኮኑ ተሰማሚዖም ኣለዉ፡፡ ስለዚ ንሶም እዞም ናይ ኣጠቓቕማ ቅድመ ኩነታት ከንብብዎን ምንባብን ብዝግባእ ክርድእዎን ይግባእ፣እንተዘይተሰማሚዖም ናይ ኤም–ብር ግልጋሎት ከይዲ ምዝገባ ክቅፅሉ የብሎምን ከምኡውን ግልጋሎት ኤም–ብር ምጥቃም ጠጠው ከብሉ ይግባእ፡፡

### 1. ትርጉም

**"ኣካውንት"** ማለት ናቶም ናይ ኤም–ብር ኣካውንት ኮይኑ ፣ ብኣና ወገን ተመዝጊቡ ዘሎ ኤ–ገንዘብ በቢእዋኑ ብናቶም ስም ዝተትሓዘ ገንዘብን ማዕረ መጠን ብዘለዎ ጥረ ገንዘብ ዝውከል እዩ፡፡

**"ወኪል"** ማለት ብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ግልጋሎት ኤም ብር ንምሃብ ወይ ንምቅራብ ዝተወከለ ሰብ ማለት እዩ፡፡ ተወሳኺ ዝርዝር ካብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ምርካብ ይከኣል፡፡

**"ጥረ ገንዘብ"** ማለት ናይ ፌደራላዊት ዲሞክራሲያዊ ሪፖፐሊክ ኢትዮጵያ ሕጋዊ ገንዘብ ማለት እዩ፡፡

**"ማግዓ"** ማለት ግልጋሎት ኤም–ብር ብዝምልከት ንወኪላትን ጨንፈራት **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ] ድጋፍ ንምሃብ ብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝቐረበ ማእከል ድጋፍ ማለት ዩ፡፡

**"ኮርፖሬት ኣካውንት"**;ማለት ኤም–ብር ኣካውንት ኮይኑ ዝኾነ ዓይነት ገንዘብ ምትሕልላፍ፣ምቕማጥ፣ወፃኢ ምግባር፣ብተንቀሳቓሺ ስልኮም ዘየንቐሳቕሰወ ማለት እዩ፡፡

**"ኤ–ገንዘብ"** ማለት ኣብ ናቶም ብር ኣካውንት ዝርአ ብዘሎ ናይ ኤሌክትሮኒክ ገንዘብ መጠን ኮይኑ ምስ ማዕረ መጠን ዘለዎ ጥረ ገንዘብ ዝውከል እንትኸውን ኣብ ናይ ኤምብር ወኪል ወይ ድማ ኣብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ጨንፈር ዘሎ ማዕረ መጠን ዘለዎ ጥረ ገንዘብ ክኸውን ይኽእል፣፣

**"ናይ ወፃኢ ዜጋ"** ማለት ኢትዮጵያዊ ዜግነት ዘይብሉ ሰብ ማለት እዩ፣፣ ዋላእኳ እዚ ሰብ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ብቐዋምነት ዝነብር ወይ ዘይንብር እንተኾነ

**"መመዝገቢ ደብተር":** ማለት ኩሎም ዓይነት ልውውጥ ንግዲ ዝምገብሉ ወኪል ዝሕዞ መዝገብ እዩ ልልውጥ ንግዲታት ብዝግባእ ዝተኻየዱ ምዃኖም ከም እኹል መረዳእታ ከገልግል ይኽእል፡፡

**"ኤምብር ኣገልግሎት** ወይ **ኤም ብር":** ማለት **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝቐርቡ ናይ ሞባይል ገንዘብ ግልጋሎታት እንትኾኑ ንሳቶምውን ገንዘብ ምትሕልላፍ፣ምቕማጥ፣ወፃኢ ምግባር፣ካልኣት ተዛመድቲ ግልጋሎታትን ዘጠቓለለ እዩ፡፡

**"ስርዓት ኤም ብር ወይ ኤም ብር"** ማለት ግልጋሎት ኤም ብር ብዝህብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝትግበር ስርዓት ማለት እዩ፡፡

**ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ ጨንፈር ወይ ድማ ናይ ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ ንኡስ ጨንፈር:** ማለት ንዓሚል ዝቀረበ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ማለት እዩ፡፡

ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ

DECSI

**ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ማለት ደደቢት ትካል ልቃሕን ምዕቛርን ኣክስዮን ማሕበር ማለት እዩ።

**ኔት ወርክ** ማለት ኢትዮ ቴሌኮም ኣብ ኢፌደሪ ውሽጢ ዝዘርገሖ ናይ ሞባይል መራኸቢ ኔትወርክ ማለትዩ።

**ኦፕሬተር መሸጢ ማእከል** ማለት ኣብ ናይ ወኪል መሸጢ ማእከል ንዓሚል ግልጋሎት ዝህቦም ወይ ዘተኣናግዶም ማለት እዩ፣፣

**መሸጢ ማእከል** ማለት ብወኪል ዝመሓደር ዝኾነ ይኹን ግልጋሎት መዉሃቢ ማእከል ክፍሊ ወይ ናይ ቸርቻሮ ቀፅሪ ወይ ግቢ ማለት ።

**ተሳታፊ ወይ ተጠቃሚ** ማለት ኤም ብር ግልጋሎት ብምጥቃም ገንዘብ ንምልኣኽ ወይ ንምቕባል ኣብ ናይ ኤም ብር ስርዓት ዝካፈል ሰብ ማለት እንትኸውን እዚውን ኣተኣኻኽባ ኤ- ገንዘብ ዘመቸዘቹ ወይ ዘተሓባብር ሰብ ውን ዘጠቓለለ እዩ።

**ፒን** ማለት ናይ ውልቅኹም ዝኾነ መፍለይ ቁፅሪ ኮይኑ ናብ ናይ ባዕሎም ኣካውንት ንምእታውን ንምምሕዳር ዝመርፅዎ ናይ ይሕለፍ ቃል ማለት እዩ

**ቅድመ ክፍሊት ናይ ኣየር ጊዜ** ማለት ኣብ ኢትዮ ቴሌኮም ዘሎ ናይ ሞባይለ ሒሳብ መደወሊ ማለት እዩ፤

**መመዝገቢ ቅጥዒ** ማለት መመዝገቢ ዝርዝር ዛዕባታት ዝሓዘ ኮይኑ ከምኡውን ንሶም እዞም ውዕላትን ቅድመኩነትን ዝተቐበልዎም ምኽኖም ዝገልፅ ዝሐዘ ቅጥዒ እዩ፣

**ሴት ኣፕ ፒን** ማለት ኣብ ምዝገባ እዋን ኣካውንቶም ንምኽፋት ዓላማ ተባሂሉ ንሓደ ግዘ ጥራሕ ዝለኣኽሎም በዓል ኣርባዕተ ድጅት ቀፅሪ ፒን እዩ፣

**ሲም ካርድ** ማለት ናይ ተጠቃሚ መፍለይ መንገዲ ኮይኑ ምስ ትኽክለኛ ናይ ሞባይል ስልኪ መስመር ሓቢሮም እንትጥቀሙ ኣብ ናይ ኢትዮቴሌኮም ሞባይል ኔትዎርክ ንምድዋልን ናይ ኤም ብር ኣገልግሎት ንምጥቃምን ዘኽእሎም ማለት እዩ፣

**ግሐመ** ማለት ግልጋሎት ሓፂር መልእኽቲ ኮኑ ናይ ፅሑፍ መልእኽቲታት ካበ ሓደ ሞባይል ስልኪ ናብ ካልእ ንምልኣኽ ዘኽእል እዩ፣

**ልውውጥ ንግዲ** ማለት ናብ ስርዓት ኤምብር ዝተመዝገበ ተጠቃሚ ሞባይል ስልኪ ዝተልኣኸ ዝኾነ ዓይነት ሕቶ ማለትውን ናብ ናይ ባዕሎም ኤምብር ኣካውንት ኣታዊ ወይ ወፃኢ ንምግባር ዝግበር ምንቅስቓስ እዩ፣ ንሶም ወይ ናቶም ማለት ግልጋሎት ኤም ብር ንምርካብ ዝተመዝገበ ዓሚል ኤም ብር ማለት እዩ፣“

**2. መግለፂ ግልጋሎት**

2.1 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብዓሚል ዝተመዝገበ ሞባይል ስልኪ ወይ ኣማራፂ ገንዘብ ንምልኣኽ ኮነ ንምቅባል ዘኽእሎም ናይ ኤም ብር ገንዘብ ግልጋሎት ይትግበር፣ንዓሚል ናይ ኮርፖሬትዓሚል ኣየጠቃልልን፣ ኤም ብር ንኩሎም

**2.2** ኣብ ኢትዮሌኮም ዝተመዝገቡ በዓልወናታት ስልኪና ስልኪ ንዘይብሎም ተጠቀምቲ እዞም ዝቐረቡ ውዕላትን ቅድመኩነትን ተቐቢሎ ናይ ኤምብር ግልጋሎታት ንምርካብ ንዝምዝገብ ኩሉ ዝቐረበ ግልጋሎት

**2.3** ናይ ኤም ብር ኣካውንት ምዝገባ ንምክያድ ኣብ ኤም ብር ወኪል ወይ ኣብ ጨንፈር**ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብምቕራብ ናይ ኤም ብር መመዝገቢ ቅጥዒ ብሙምላእ ክካየድ

2.4 ግልጋሎት ኤምብር ንምጥቃም እንትምዝገቡ ንዝቐረቡ ውዕላትን ቅድመኩነትን ከምዝተሰማምዑ ይሕሰብ፤እዞም “ውዕልን ቅድመ ኩነታቱን” ኣብ ሞንጎ ንሶምን **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ሕጋዊ ውፅኢት ዘለዎ ውዕሊ ይፍጠር።

2.5 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብናይ ባዕሉ ፍፁም ስልጣን ኣብ ስርዓት ግልጋሎት ኤም ብር ክምዝብ ኮነ ዝተተመዝገ ክሰርዝ ይኽእል እዩ።

2.6 ናይ ኤ ገንዘብ ጥረ ገንዘብ ካብ ኤም-ብር ወኪል ወይ ኣብ ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** መሸጣ ማእከል ብምቅማጥ

2.6 ኩሎም ዓይነት ንግዲ ልውውጥ ዝፅቀኑ ብናይ ኢትዮጵያ ብር እዮም፡፡

2.7 መጠን ልውውጥ ንግዲ ውስኑነት ን ወፅሊን ቅድመ ኩነትን ኣንቀፃት ተግባራዊ ኮንኖም ዝተረፈ ናይ ኤም ኣካውንትም ኣብዝኾነ እዋን ክዓፅውዎ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ክፅዖ ወይ ክውገድ ዝኽእል ንሶም ናብ ኤም ብር ስርዓት ብዝህብዎ ትእዛዝ መሰረት ጥራሕ እዩ፡፡

2.8 ን ኤም–ብር ልውውጥ ንግዲ ተግባረዊ ዝኾኑ ክፍሊታት ብርዝር ተፈልዮም ብናይ ወኪል መሸጣ ማእከል፣ናይ ትማፋ ጨንፈራት ዝኽርቡ እንትኾኑ፣በቢእዋኑ ብ[**ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ይሕተሙ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብዘለዎ ሙሉእ ስልጣን መሰረት ምምሕያሻት ክግብር ይኽእል እዩ፡፡

2.9 ንሕና ኔት ወርክ ሽፋን ኣብ ዘለዎ ኩሉ ንሶም ኣዚ ኔትወርክ ብምጥቃም ሙሉእ ናይ ኣገልግሎት ኤም–ብር ተጠቃሚ ክኾኑ ዋላ ኳ ፃዕሪ እንተገበርና ናይ ኔት ወርክ ሽፋን ኩሉ ግዜ ክህሊ እዩ ኢልና ውሕስና ኣይንህብን ከምኡውን ኤም–ብር ኣገልግሎት በዘይምህላዉ ብዘይምርካቡ ምኽንያት ንዝፍጠሩ ዝኾነ ዓይነት ኪሳራታት ሓላፍነት ኣይንወስድን፡፡ግልጋሎታት ኤም–ብር ፀገምኣልቦ ኣይኮኑን ስለዚ ሓደሓደ ኩነታት /ካልኦት ተወሰኽቲ ከምዘለዉ ኮይኖም/ ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ዝኾኑ ኩነታት፣ጂኣግራፈያዊ ኣቀማምጣ፣ኩነታት ኣየር ንብረት፣ ብትልሚ ዝተትሓዙ ኔትወርክ ናይ ምፅጋንን ምምሕያሽን ስራሕቲ ኣብ ኣቕርቦትን ፅሬትን ኤም–ብር ግልጋሎት ኣሉታዊ ፅልዋ ዝፈጥሩ እዮም፡፡

2.10 ሲም ካርድ እንትበላሽ፣ እንትስረቕ ዝተበለሸወ ምኽኑ ዝጠፍአ ወይ ዝተሰረቐ ምኽኑ ኣብ ብቐረባ ዝርከብ ወኪል ወይ ጨንፈር ክፍልጡ ይግባእ፡፡ ንሳቶም ድማ ምስ ሲኤስ ማ.ግ.ዓ ዘራኽብዎም እንትኾኑ እቲ ሲም ክሳብ ዝዕረየሎም ካልኦት ናይ ኤም–ብር ግልጋሎታት ንክይካየድ ንምክልኻል ተባሂሉ ኣካውንቶም ዝዕፆ ይኸውን፡፡ናይ ኣካውን ምዕፃውን ናይ ዳግመ ምኽፋትን ዝተዓፀወ ዳግም ንምኽፋትን ናይ ግልጋሎት ክፍሊት ኣለዎ፡፡ንሶም ነዚ ክፍሊት ሓላፍነት ይወስዱ፣ከምኡውን እቲ ሲም ምጥፍኡ ፣ ምብልሻዉ፣ ወይ ዝተሰረቀ ምኽኑ ክሳብ ዘፍልጡና እዋን ዘሎ ናይ ንግዲ ልውውጥ ክፍሊታት ንሶም ሓላፍነት ዝወስዱ ይኾኑ፡፡ ዝተበላሸወ ዝተወረቐ ወይ ዝጠፍአ ምኽኑ ክሳብ ዘፍሉጥና ኣብ ዘሎ እዋን ውሽጢ ብስልኮምን በቲ ሲምን ንዝተኻየደ ልውውጥ ንግዲ ንዝልዓልን ናይ ይግበኣኒ ሕቶ ንሶም ውሕስና ንክህቡና ተሓታቲ እዮም፡፡

2.11 በቢ እዋኑ ኤም–ብር ግልጋሎት ብዝምልከት እንህቦምን መምርሕታት ተግባራዊ ክገብሩ ኣለዎም፡፡

2.12 ናብ ደድማ ዝገብርዎም ፃውዒታት ስልኪ ንጥቕሚ ኣሰራርሓ ንግዲ ተባሂሉ ቁፅፅር ይግበረሎም ወይ ይቅረፁ እዮም ማለት ውን ፅሬት ንምቁፅፃር፣ስልጠና ውፅኢታዊ ዝኾነ ስርዓት ኣሰራርሓ ንምርግጋፅ፣ናይ ቴሌኮሚኒኬሽን ስርዓትና ካብ ዝተፈቐደሉ ወፃኢ ኣብ ጥቕሚ ንከይውዕል ንምክልኻልምን ገበን ንምክልኻልን ተባሂሉ ዝግበር ቁፅፅር እዩ፡፡

## 3. ክፍሊትን ታሪፍን

3.1 ንዝህልዎም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክፍሊታት ንሶም ሓላፈነት ይወስዱ፡፡ ናይ ታሪፍ መምርሒ ካብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዋና ቤት ፅሕፈት፣ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ፣ ካብ ናይ ወኪል መሸጣ ማእከልን ካብ ኤም–ብር ድረ–ገፅ ወይ ዌብሳይት ይርከብ፡፡ ተግባረዊ ኣብ ዝኸውን ዋጋ ጥርጣረ እንተሃልይዎም ናይ ኤም–ብር ወኪላት ኔትወርክን ጨንፈራት **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ን ተመን ዋጋ ብዝምልከት ሓገዝ ወይ መግለፂ ንክህብዎም ድልዋት እዮም፡፡

3.2 ኣብ ልዕሊ ሕድሕድ ልውውጥ ንግዲ ተፈፃሚ ዝኸውን ክፍሊት ግልጋሎት ልውውጥ ንግዲ ምስተኻየደ/ኣብዝተኸየደሉ እዋን ካብ ኤም–ብር ኣካውንቶም ዝቕነስ ይኸውን፡፡ ሓዱሽ ቀራይ ሒሳቦም ስልኪ ተሃሊዩዎም ብ **ግሓመ** /ኤስኤም ኤስ/ ዝበፅሖም ይኸውን፡፡

3.3 ብኻልእ መልክዕ እንትዘይተገሊፁ ኩሎም ክፍሊታት ኩሉ ዓይነት ቀረፃት ወይ ግብሪ ዘጠቓልሉ እየም፡፡

**4. ኣካውንት ንምኽፋት ምምልካት /ኣገባብ ኣቀራርባ ሕቶ ኣካውንት ንምኽፋት/**

4.1 ግልጋሎት ኤም–ብር ንምርካብ ዘኽእሎም ናይ ባዕሎም ዝኾነ/ ብሽሞም ዝወፀ ናይ ኢትዮቴሌኮም ሲም ክሳብ ዘለዎም እዋን ኩሉ ሰብ ብሕጋዊ መልክዕ ካብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኣካውንት ምኽፋት ይኽእል እዩ፡፡

4.2 ናይ ኤም–ብር ኣካውንት ንምኽፋት ብሽሞም ንምኽፋት እንተነኣሰ ዕድሚኦም 18 ዓመት ክኸውን ይግባእ ብተወሳኺ ሕጊ ብዝፈቅዶ መሰረት ውዕሊ ናይ ምእታው ዓቕሚ ወይ ክእለት ክህልዎም ይግባእ፡፡

4.3 ኣገልግሎት ንምርካብ ብወኪል ኤም–ብር ወይ ኣብ ኢፌዴሪ ውሽጢ ተሳታፊ ዝኾነ ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ምምዝጋብ ይከኣል፡፡

4.4 ቅጥዒ መመዝገቢ ባዕሎም መሊኦም ብምፍራም ክቕርበብዎ ይግባእ፡፡ገለ ጥርጣረታት ንምውጋድ ምእንታን ክሕግዝ ኣብ ኣብ መለለይ መንነት ተቐሚጡ ዘሎ ሽሞም ኣብ መመዝገቢ ቅጥዒ ክምላእ ይግባእ፡፡ ብተወሳኺ ዝስዕቡ መረዳእታት ክህልዉ ይግባእ፡

- ቁፅሪ መለለይ መንነት ካርዲ
- መንበሪ ኣድራሻ
- ዝተወለድሉ እዋን
- ዜግነት
- ቁፅሪ ስልኪ
- ሽም ኣዶ

4.5 ብቑዕ ዝኾነ መለለይ መንነት ካርዲ መረዳእታ ክቕርቡ ይግባእ፡፡ ነዚ ስምምዕነት ዓላማ ክበሃል/ተባሂሉ ኢትዮጵያዊ እንተኾይኖም ፣ ብቑዕ ዝኾነ መረዳእታ መለለይ መንነት ማለት ኦሪጅናል /ዋና ናይ ቀበሌ መለለይ መንነት ካርድ ናይ ማሕበር ሓረስቶት መለለይ መንነት ካርዲ መለለይ መንነት ካርድ ናይ ተምሓራይ ወይ ፓስፖርትን ከምኡውን ናይ ወፃኢ ሃገር ዜጋ ወይ ዝተመዝገበ ዳያስፖራ እንተኾይኖም ድማ ኦሪጅናል ፓስፖርት ወይ ናይ መንበሪ መለለይ መንነት ካርድ ወይድማ መዘወሪ ፍቓድ ማለት እዩ፡፡ ናይ መለለይ መንነት ካርዲ ፎቶ ኮፒ ምዝገባ ንዝካይድ ኣካል ክቕርቡ ኣለዎም፡፡ብተወሳኺ ድማ ተጠቀምቲ ግልጋሎት ኮርፖሬትን ንግድን እዞም ዝስዕቡ ኦሪጅናል ን ፎቶ ኮፒን ሒዞም ይቐረቡ።ናይ TIN ምስክር ወረቀት ናይ ንግዲ ፍቓድ ናይ ቫት ምስክር ወረቀት (ኣደላይ እንተኾኑ)ፎቶ ኮፒን ተገይሩ ምቕራብ ኣሎዎ፡፡

4.6 ዝቐርቡ መረዳእታታት ዝተማልኣን ትኽክልን ክኾኑ ይግባእ፡፡

4.7 ዝርዝር ዝምዝገቡ ዛዕባታት እዋናዊ ምኺኖም ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡

4.8 ኣብ መመዝገቢቅጥዒ ዝተቐመጡ ረቛሕታት እንተዘይተማሊኦም ወይ ብቑዕ ወይ ዘዕግብ እንተዘይኮይኖም መለለይ መንነት እንተዘይ ኣቕሪቦም **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብዘለዎ ስልጣን ዘቕርብዎ ማመልከቻ ዘይምቕባል ይኽእል እዩ፡፡

4.9 ስልኪ እንተሃሊዩዎም ኣካዉንቶም ናይ **ሴትአፕ ፒን** ምስተከፈተ ናይ ምስጢር ፒን ብምምራፅ ሽዑንሽዑ ናይ ኤም–ብር ግልጋሎት ተጠቃሚ ይኾኑ፡፡

4.10 ኣብ ኤም–ብር ኣካውንቶም ንዘሎ ገንዘብ ዝኾነ ዓይነት ወልድ ኣይኽፈልን፡፡

4.11 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኣብ ዝኾነ እዋን ኣካውንቶም ብዝምልከት ተወሳኺ መረዳእታ ናይ ምሕታት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና እዚ ዛዕባ ብዝምልከት እንትሕተቱ ትሕብብር ዘይምግባር ግልጋሎት ኤም–ብር ምጥቃም ገደብ ምግባር፣ኣካውንቶም ናይ ምእጋድ ወይ ናይ ምስራዝ ስጉምቲ የስዕብ፡፡

4.12 ብሓደ ሞባይል ካብ ሓደ ኤም–ብር ኣካውንት ንላዕሊ ክህልዎም ኣይኽእልን፡፡

4.13 ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ሓፈሻዊ ምኺኑ ከምዘሎ ኮይኑ፣ ስልጣን ወላዲ ዘለዎ ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ምሓዝ ይኽእሉ እዮም፡፡ ነዚ ስምምዕነት ዓላማ ተባሂሉ ስልጣን ወለዲ ዘለዎ ማለት ናይ ትሕቲ ዕድመ

ዝኾነ ሰብ ወላዲ ፣ሕጋዊ ሞግዚት፣ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ናይ ዓቅመ ችሎታ ዘይበፅሑ ዋኒናት ሕጋዊ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ዘመላኸት እዩ፡፡

## 5. ሓላፍነት ኣቕርቦት ግልጋሎት ኤም-ብር

**5.1** ኣቕርቦት ግልጋሎት ኤም-ብር ብፒን ዝተዓፀወ እዩ፡፡ ስለዚ ንሶም ፒን ቁፅሮም ንምሕላው ሙሉእ ናይ ፒን ቁፅሮም ንሳልሳይ ወገን ንዘይምርአይ ወይ ኣሕሊፍካ ንዘይምሃብ ዝተሰማምዑ ምዃኖም፡፡ሳልሳይ ወገን ዝበሃሉ ሰራሕተኛ መሸጣ ማእከል ኤም-ብር፣ ሰራሕተኛ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ፣ሰራሕተኛ ኤም-ብር ወይ ፒን ቁፅሮም ንምፍላጥ ስልጣን ከምዘለዎም ዘምስል ሰብን ዘጠቓለለ እዩ፡፡ ምስ ግልጋሎት ማእከል ርክብ እንትፈጥሩ ወይ እንተዘራረቡ ምስጢር ቃል፣ ካልኦት ካብ ፒን ቁፅሮም ሓደሓደ ኣሃዝ መንነት ንምዕራይ ንጥቀም ኢና፡፡ ኮይኑ ግና ዋላ ንሰራሕተኛ **ግልጋሎት ማእከል ዓሚል** እንተኾነውን ምሉእ ፒን ቁፅሮም ክህቡ ወይ ክነግሩ የብሎምን፡፡

**5.2** ንፒንን ንምስጢር ቃል ድሕንነት ንሶም ጥራሕ ሓላፍነት ከምዝወስዱ ኣፍልጦ መረጋገፂ ከም ዝሃቡ፡፡ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ንፒን ቁፅሮም ምቅላዕ ሓላፍነት የብሉን/ኣይወስድን፡፡ስለዚ ንሶም ፒን ቁፅሮም ብምቅልዑ/ ብካልእ ኣካል ምቅልዑ ምኽንያት ንዝበፅሖም ጉድኣት ናይ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ሸም ካብ ምፅላም ምጉዳእ ክትዕቀቡ ይግበእ፡፡

**5.3** **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ንዝህብዎ ትእዛዛት ወይ ዘቅርብዎም ሕቶ ግልጋሎት ባዕሎም ሓላፍነት ዝወስዱ ይኸውን፡፡

**5.4** **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ትኽክለኛ ዝኾነ ኣተኣታትዋ ፒን ብሕጋዊ ኤም-ብር ኣካውንት በዓልቤት እናተካየደ ዘሎ ምዃኑ ይርዳእ፤ስለዚ ኩሎም ተኸታተልቲ ንግዳዊ ልውውጣት ብትኽክል ንሶም ከምዝፈፀምዎም ተገይሩ ይውሰድ፡፡

**5.5** ብናይ ግልጋሎታት ኤም-ብር ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ ገበን ንምፍፃም ኣይኽእሉን፡፡

## 6. ተቀባልነት ዘለዎም ኣጠቓቕማ ኣካውንት

6.1 ኣካውንትዎም ተኸፊቱ ስራሕ እንትጅምር ዝስዕቡ ተግባራት ከካይዱ ይኽእሉ እዮም‶‶

- 6.1..1 ኣብ ወኪል መሸጣ ማእከል ኤ-ገንዘብ ምቅማጥ
- 6.1..2 ኤ-ገንዘብ ናብ ካልኦት ምልኣኽ ካብ ካልኦት ተጠቀምቲ ኤ-ገንዘብ ምቕባል
- 6.1..3 ብኤም-ብር ወኪልን ጨንፈራቱን ኣቢሎም ካብ ኣካውንቶም ጥረገንዘብ ወፃኢ ምግባር(ንዓሚል ናይ ኮርፖሬት ኣብ ጨንፈራቱ)
- 6.1..4 ናይ ኢትዮቴሌኮም ቅድመ ክፍሊት ናይ ኣየር ሰዓት ምግዛእ(ንዓሚል ናይ ኮርፖሬት ኣየኣታትውን)፣
- 6.1..5 ናብ ልቓሕ ኣካውንቶም ገንዘብ ምልኣኽ/እንተሃልዩ/
- 6.1..6 ኣካውንቶም ምምሕድዳር/ንኣብነት ቀራይ ሒሳብ ምሕታት ወይ ምዕራይ ፒን ምቕያር…ወዘተ/ ከምኡውን
- 6.1..7 በቢእዋኑ ብ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ወይ ትካለት ፋይናንስ ዝግለፀሉ ካልኦት ተግባራት ምፍፃም‶‶

6.2 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኩሎም ክትግበሩ ዝኽእሉ ነገራት ኩሉ ግዜ ከምዝህልዉ ውሕስና ኣይህብን፡፡ ገለገሊኦም ወይ ድማ ኩሎም ግልግሎት ኤም-ብር ብቀጥታ ወይ ብምኽንያት ምምሕያሽ ሕጊ፣ ደምቢ ወይ ፖሊሲ መንግስቲ ናይ ምቅናስ ወይ ናይ ምልዓል ውፅኢት ክስዑ ይኽእሉ እዮም፡፡

## 7 እገዳ ፣ ምቁራፅ ፣ ምእጋድን ዘይ ተፈቐደ ኣጠቓቕማ……. ብዝምልከት

7.1 ብዝስዕቡ ኩነታት ወይ ምኽንያታት መሰረት **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** በዘለዎ ሙሉእ ሓላፍነት ብገዛ ስልጣኑ ስምምዕነቱ ናይ ምእጋድ ወይ ምስራዝ መሰል ኣለዎ፡

- ኤም–ብር ኣካውንትዅም ብዘይተፈቀደ ኣገባብ፣ ሕገወፕ ኣግባብ ዘይብሉ መንገዲ ወይ ንምጭብርባር ወይድማ ገበን ንምፍፃም እንድሕር ተጠቒምኩሙሉ
- እዚ ናይ ኣጠቓቕማ ኩነታት ሓዊሱ ንኤም–ብር ግልጋሎት ዝተውሃቡ ቅድመ ኩነታት እንተዘይኣኽቢርኩም፣
- ፒን ቁፅርኩም ዝጠፍአ ምኺኑ ወይ ፒን ቁፅርኩም ካልእ ሰብ ዝፈለጦ ምኺኑ ኣብ ዘፍለልጥሉ እዋን (ወይ ድማ ሞባይል ቆፎኦም ዝተሰረቐ ዝጠፍአ ምኺኑ ምስ ኣፍለጡ)
- ኣብ ልዕሊ ሞባይል ስልኮም ግልጋሎት ኤም–ብር ወይ ድሕንነት ኔት ወርክ ንሓደጋ ዘቃልዕ ወይ ናይ ሞባይል ስልኮም ተግባር /ስራሕ ዘተዓናቕፍ ነገር እንተፈፂሞም( ንክፍፀም እንተፈቒዶም)
- ካብ ዓቅሚ ወይ ቁፅፅር ንላዕሊ ብዝኾኑ ምኽንያታት

7.2 ኣካውንትኹም ንክዕፆ ሕቶ እንተቕርቡ ኣካውንትኹም ንክዕፆ ንገብር፡፡

7.3 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብሕጊ ተገዲዱ ኣካውንትኹም ክእግድ ወይ ብቑፅ ብዝኾኑ ምኽንያት ኣካውንትኹም ገበን ወይ ምስ ኣሸባሪነት ወይ ምጭብርባር ዝተተሓሓዘ ገንዘብ ምቕባል ወይ ምልኣኽ ብዝምልከት እንድሕር ተጠርጢሩ ዝሓዝዎ ናይ ልውውጥ ንግዲ ውድቂ ክግበር ይኽእል እዩ፡፡

7.4 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ምልላያት ብፓ.ሳ.ቁ ኣድራሻኦም ወይ ብግልጋሎት ሓጺር ምልእኽቲ ናብ ዝተመዝገብዎ ሞባይል ቁፅሪ ክልእኽ ይኽእል””

7.5 ናይ ኤም–ብር ግልጋሎት ተመዝጋቢ ዝኾነ ዓሚል እንትመውት እዚ ውዕሊ ስምምዕነት ወዲውኡ ዝቋረፅ ይኸውን””

## 8 ልውውጣት ንግዲ

8.1 ኤ–ገንዘብ ምቅማጥ

8.1..1 ኤ–ገንዘብ ብቀጥታ ምቅማጥ ዝኽእሉ ናብ ናይ ባዕሎም ኣካውንት ጥራሕ እዩ፤ ናብ ናይ ካልእ ሰብ ኣካውንት ኤም–ብር ብቀጥታ ዘይኮነ መንግዲ ገንዘብ ምቅማጥ ይኽእሉ እዮም””

8.1..2 ኤ–ገንዘብ ንምቅማጥ ዝተሓተተ ኣድላይ መረዳእታ ክመልኡ ኣለዎ፣ ናይቲ ኣካውንት በዓልዋና ምኺኖም ንምርግጋፅ ናይ መንነት መፃረይታት ምትሕልላፍ፣ከምኡውን ኣብ ወኪል ኤም– ብር /ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ከቕጡ ምስ ዝሓሰብዎ ገንዘብ ማዕረ ዝኾነ መጠን ገንዘብ ክህቡ ኣለዎም፡፡

8.1..3 ጥረ ገንዘብ ንወኪል ኤም–ብር/ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ምስሃቡ/ምስከፈሉ ንሶምን እቲ ወኪልን/ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኣብ መዝገብ ደብተር ምፍራምኩም ን ከምኡውን ቅብሊት ሒሳብ ምቕባልኩም ከተረጋግፁ ይግባእ፡፡ እዚ ድማ ክይዲ ገንዘብ ምቅማጥ ልውውጥ ንግዲ ዝተጠናቐቐ ምኺኑ መረዳእታ ኮይኑ የገልግል፡፡

8.1..4 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** መጠን ልውውጥ ገንዘብ ናይ ምግዳብን ንዝተወሰኑ ኤም–ብር ኣካውንታት ልዕል ወይ ትሕት ዝበለ መጠን ናይ ምሃብ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

8.2 ምትሕልላፍ/ዝውውር ኤ–ገንዘብ

8.2..1 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝውሰኑ መጠን ልውውጣት ንግዲን ናይ ግልጋሎት ክፍሊት ተመን ኣብ ሕድሕድ "ዝውውር ገንዘብ" ወይ ድማ ካልኦት ክፍሊታት ካብ ኣካውንትኹም ዝፍፀሙ ግልጋሎታትን ኣብ ዝተጠቀሙ ግዜ ተፈፀምቲ ይኾኑ፡፡

8.2..2 ዘቕረብዎ ሕቶ ልውውጥ ንግዲ ተፈፃሚ ዘይኸውን

- ብኤም–ብር ኣካውንት ውሽጢ ልውውጥ ንግዲ ንምክያድ ዘየኽእል ወይ ናይቲ ልውውጥ ንግዲ ክፍሊ ንምሽፋን እኹል ሒሳብ/ገንዘብ እንድሕር ዘየለ፤
- ተቐባሊ ዝተፈቐደሉ መጠን ጣራ ኣካውንት እንተበፂሑ
- **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝተፈቀደሎም ዝውውር መጠን እንተተጠቒሞም
- ተቐባልነት ብዘለዎ ምኽንያታት ኣካውንኹም ንግዚኡ እንተተኣጊዱ ወይ ንሓዋሩ እንተተዓፂዉ
- ካልእ ኣገዳዲ ኩነታት እንተጋጥም ከም ምዝንጋዕ ሲስተም

8.2..3 መምርሕታት ኤም–ብር ብምጥቃም ናብ ካልእ ኤም–ብር ተጠቃሚ ወይ ዘይተመዝገበ ናይ ኢትዮቴሌኮም ሲም/ቆፎ ዘለዎ ተጠቃሚ ኤ–ገንዘብ ምልኣኽ ይኽእሉ እዮም፡፡(ንዓሚል ናይ ኮርፖሬት ኣየኣታትውን)፣

8.2..4 ንዘካይድዎም ዝኾነ ዓይነት ልውውጣት ንግዲ ግልጋሎት ክፍሊት ክፍፅሙ እንትኾኑ፤ መጠን ክፍሊቱ ተሓቲሙ ብዝወፅእ ታሪፍ መሰረት ይኸውን፡፡

8.2..5 ኣብ ውሽጢ ኤም–ብር ኣካውንት ዘሎ ኤ–ገንዘብል ልውውጥ ንግዲ ንምክያድ ዘኽእል /ናይቲ ልውውጥ ንግዲ ክፍሊት/ እኹል መጠን ሒሳብ እንተዘየለ ንግዲ ልውውጡ ኣይካይድን፡፡ ምንም/ ዋላሓደ ኤ–ገንዘብ ካብ ኤም–ብር ኣካውንት ውሽጢ ኣይቅነስን፡፡

8.2..6 ናብ ካልእ ወገን ዝገበርዎ ንግዲ ልውውጥ ብዝተሳኸዐ ኣገባብ እንተተፈፂሙ፣ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ሽው ንሽው ናብ ዝረዛወረሉ ሰብ ኤም–ብር ኣካውንት ይመሓላለፉሉ፡፡ ዝተልኣኸሉ ሰብን እሶምን ብዛዕባ ዝተጠናቐቐ ልውውጥ ንግዲ ብሓፂር ግልጋሎት መልእኽቲ ስልኪ ክትፈልጥዎ ይግበር፡፡

8.2..7 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ልውውጥ ንግዲ ከጠናቐቕ እንተዘይኪኣሉ እቲ ልውውጥ ንግዲ ክፍፀም ዘይከኣለሉ ምኽንያት ብሓፂር መልእኽቲ ስልኪ ብምልኣኽ ክትፈልጥዎ ይግበር""

8.2..8 ዘካይድዎም ልውውጥ ንግዲ ንባዖም/ንዓርሶም ብዝተፈለየ ናይ ልውውጥ ንግዲ ቁፅሪ ዝህልዎም ኮይኑ እዚ ቁፅሪ ኣብ ዝለኣኸልኩም መረጋገፂ ሓፂር መልእኽቲ ስልኪ ውሽጢ ዝህልው ቁፅሪ እንትኸውን ምስዚ ሓቢሩ ኣብ ኣካውት ዝተርፎም ትኽክለኛ መጠን ሒሳብ ሓቡሩ ዝካተት ይኸውን፡፡

8.2..9 ብዝግባእ ዝተሳኸዐ ዝውውር ኤ–ገንዘብ ካብ ኣካንትኹም/ን ናብ ዝተመዝገበ ኤም–ብር ኣካውንት ተቐባሊ ኣብ ዝተፈፀሉ እዋን በዓል ዋንነት ኤ–ገንዘብ ናይ ተቐባሊ ይኸውን""

8.2..10 ተቐባሊ ኣብ ስርዓት ኤም–ብር ውሽጢ ዘይተመዝገበ እንተኾይኑ በዓልዋነነት ኤ–ገንዘብ ናይ ባዕልኩም /ናትኩም ይኸውን፡፡ኮይኑ ግና እቲ ገንዘብ መሊሶም ምስወሳድ ኮነ እቲ ገንዘብ ናብ ካልእ ሰብ ከመሓላልፉ ወይ ድማ ልውውጥ ንግዲ ክምልሱ ኣይኽእሉን፡፡ክምለስ ዝኽእል ግን ናይ መጀመርያ እዋን ልውውጥ ንግዲ ኣብ ዓንቀፅ

8.2.12 ብ ዝተጠቐሰ ጊዜ ገደብ መሰረት ተቐባሊ ዝተልኣኸሉ ገንዘብ ክወስድ እንተዘይከኢሉ ጥራሕ እዩ፡፡

8.2..11 ተቀባሊ ኤም–ብር ኣካውንት ዘይብሉ እንተኾይኑ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ንሓደ ግዘ ቅብሊት ዝሓዘ ሓፂር ናይ ስልኪ ምልእኽቲ ኮድ መቐበሊ ገንዘብ ኣተሓሒዙ ይልእኽሉ፡፡ እዚ ድማ ዝተልኣኸሉ ገንዘብ ንምቕባል የኽእሎ፡፡

8.2..12 ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ወይ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኣብ ዝውስኖ ግዜ ገደብ ውሽጢ ንዘይተመዝገበ ተቐባሊ ዝተልኣኸ ገንዘብ ተቐባሊ ናብ ጥረ ገንዘብ እንተዘይቀይርዎ፤ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝተካየደ ልውውጥ ንግዲ ብምስራዝ ዝተልኣኸ ኤ–ገንዘብ ናብ ኣካውንትኹም ክምለስ ይገብር፡፡ እቲ ገንዘብ ክምዝተመለሰን ዝተካየደ ልውውጥ ንግዲ ከምዝተሰረዘን ዝገልፅ ሓፂር መልእኽቲ ክበፅኩም ይግበር፡፡

8.2..13 ዝተኻየደ ልውውጥ ንግዲ ናይ መወዳእታን ዘይስረዝን እዩ፡፡ ስለዚ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ንዝተገበረ ልውውጥ ንግዲ ናይ ምምላስ ግዴታ የብሉን፡፡

8.2..14 ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ 8.2.13 ዋላኳ እንተሃለወ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብናይ ባዕሉ ስልጣን ንዝተገበረ ልውውጥ ንግዲ ክምልሶ ይኽእል እዩ፡፡ብቑፅ ዝኾኑ ምኽንያታት ኣብ ዝህልውሉ ጊዜ ማለትውን ግልፂ ዝኾነ ስሕተት፣ምጭብርባር እንድሕር ተራእዩ/ተፈፂሙ ተቐባሊ ዝተልኣኸሉ ኤ–ገንዘብ እንድሕር ዘይወሲዱ ከምኡውን ንግዲ ልልውጥ ካብ ዝተፈፀመሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ሓደ ወርሒ ውሽጢ ናይ ይመለሰለይ ሕቶ እንተቐሪቡ እዩ፡፡

8.2..15 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብስሕተት ይኹን ብምጭብርባር ወይ ብናይ ኣእምሮ ፅዕንቶ ንዝተካየደ ልውውጥ ንግዲ ተቐባሊ ንዝዘርዘሮ ወይ ወፃኢ ንዝገበሮ ገንዘብ ናይ ምምላስ ወይ ናይ ምክሕሓስ ግዴታ የብሎምን፡፡ ንስኹም/ኽን ብስሕተት ንዝተፈለጠረ ስሕተት ኮነ ምጭብርባር ወይ ናይ ኣእምሮ ፅዕንቶ ወይ ብግዴታ ብሓይሊ ገበን ምኽንያት ዝተኻየደ ዝውውር ገንዘብ ንዝተፈጠረ ኪሳራ ናይ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ስም ካብ ምጉዳእ ክምዝዕቀቡ ዝተሰማምዑ ምዃኖም

8.3 ኤ–ገንዘብ ምቕባል

8.3..1 ኣብ ውሽጢ ስርዓት ኤም–ብር ዝተመዝገቡ እንተኾይኖም ካብ ካልእ ኤም–ብር ተጠቃሚ ወይ ድማ ዓለም ለኸ ሓዋላ ኤ–ገንዘብ እንትቕበሉ ምቕባልኩም ዝገልፅ ሓፂር ናይ ስልኪ ምልእኽቲ ክበፅሖኩም ይግበር፡፡ ዝተልኣኸ ኤ–ገንዘብ ካብ መሸጣ ማእከል ወኪል ወይ ካብ ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** እንትቕበሉ ወይ ድማ ኣብ ስልኮም መማረፅታት ሜኑ ኤም–ብር ብምትቃም ንካልእ ሳልሳይ ወገን ምትሕልላፍ ከምዝኽእሉ፡፡

8.3..2 ብስሕተት ገንዘብ እንተተቐቢሎም ብስሕተት ዝተቀበልዎ ገንዘብ ናብ በዓል ዋና ናይ ንምምላስ ናይ ምፍላጥ ግዴታ ኣለዎም፡፡ ክምልሱ እንተዘይከኢሎም ግና **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** እቲ ክፍሊት ወይ ገንዘብ ናብ ለኣኺ ክምለስ ይግብር፡፡

8.3..3 ብስሕተት ዝተልኣኽሎም ገንዘብ ብዘይ ምምላሶም ብሕጊ ተሓታቲ ክምዝኾኑን ክሲ ክምስረተኩም ከምዝኽእልን

8.4 **ኤ–ገንዘብ ምውፃእ/ምእካብ/**

**8.4..1 መሸጣ ማእከላት ወኪልን ጨንፈራት ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ን ብወኪል ወይ ብጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ንዝገበሩ መመዘኒታት ምስሓለፉ ናብ ኣካውንቶም

ብምእታው ኣብ ስልኮም ብዘሎ ሜኑ ኤም–ብር ብምጥቃም ኤ–ገንዘብ ከውፅኡ ይኽእሉ እዮም፡፡ኮይኑ ግና ገንዘብ ናይ ምውፃእ ልውውጥ ንግዲ ዝካየድ ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ማእኸል መሸጣ ወኪል ወይ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ክኸውን ኣለዎ(ንዓሚል ናይ ኮርፖሬት ኣየኣታትውን)፡፡ ከምኡውን ኣብ መዝገብ ደብተር ከም ከምዝፈረሙ ክረጋገፁ ይግባእ፡፡ እዚ ድማ እቲ ልውውጥ ንግዲ ብዝግባእ ኣገባብ ምክያዱ ከም መረዳእታ የገልግል፡፡ከም ዓሚል ናይ ኮርፖሬት ገንዘብ ወፃኢ ናይምግባር ስርዐት ኣብ ጨንፈራት ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ ብጨንፈራት ሰራሕተኛ ወይንም ካሸር ጥራሕ እዩ፡፡

**8.4..2** **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** እዚ ድማ እቲ ልውውጥ ንግዲ ብዝግባእ ኣገባብ ምክያዱ ከም መረዳእታ የገልግል፡፡

**8.4..3** ካልእ ተፃራሪ ዓንቀፅ እንተዘይሃልዩ ካብ ኤም–ብር ኣካውንት ገንዘብ ብዘውፅኡ ቁፅሪ ክፍሊት ግልጋሎት ክኸውሉ ኣለዎም፡፡

## 9 ፖሊሲ ውልቀ–ነፃነት

9.1 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ተጠቀምቲ ካብ ዘቕርብዎ መረዳእታ ውልቀ–ነፃነቶም ብዝምልከት ናይ ምዕቃብ ኣድላይነት የኽብር፡፡ እዚ ሙሉእ ሓሳብ ንምኽባር መሰል **ውልቀ–ነፃነት** ዘለና ልዑል ኣኽብሮት ዝገልፅ እዩ፡፡

9.2 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝርዝር ተጠቀምቲ ኤም–ብር ንምሓዝ ፣ ሕድሕድ ኤም ብር ኣካውንት ንምምሕዳር፣ ዳታቤዝ ኤም ብር ወቕታውነቱ ንምሕላውን ንተገልገልቲ ሓገዝ ንምሃብ ናይ ውልቀ መፍለይ መረዳእታ ይእክብ""

9.3 ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ከምዘለዉ ኮይኖም ፣ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ንዘይተፈቀደሎም /ዘይምልከቶም ኣካላት ውልቀ መረዳእታኹም ኣየካፍልን /ኣሕሊፉ ኣይህብን፡ ውልቀ መረዳእታኹም ካብ ዘይተፈቐደ ተግባራት ንምክልኻልን ምስጢራውንነት ውልቀ መረዳእትኦም ንምሕላው ክሕግዝ ምእንታን እኹል ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ተግባራዊ ኮይኖም እዮም፡፡

9.4 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ሰራሕተኛታት ዝተፈቐደሎም ተወዓዓልቲን ናቶም ውልቀ መረዳእታ ብምስጢር ናይ ምዕቃብ ሓላፍነት ዘለዎም ስልዝኾኑ ንዘይምልከቶ ሳይልሳይ ወገን ውልቀ መረዳእታኹም ኣሕሊፎም ኣይህቡን፡፡ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ንውሽጣዊ ድሕንነት መረዳእታ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ሰራሕተኛታት **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ፖሊሲታት ውልቀ–ነፃነት እንተጥሒሶም ብዙሕ ዓይነት ናይ ድስፕሊን ስጉምቲ ክውሰዶም ይግበር፡፡

9.5 ንምክልኻል ገበን ዘይሕጋዊ ዝውውር ገንዘብ፣ ንምቅላዕ ወይ ክሲ ንምድጋፍ [**ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኣጠቓቕማ ኣካውንትኹም ናይ ምቁፅፃር መረዳእታኹም ንውሽጢ ሃገር ሕጊ መፈፀሚን መርማሪ ኤጀንሲታትን ናይ ምግላፅ ወይ ምሃብ መሰል ኣለዎ፡፡

9.6 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝተፈቐደሎም ተወዓዓልትን ካብ እዋን ናብእዋን ናይ ስልኪ ምልእኽቲ ናይ ምልእኣኽ መሰል ኣለዎም፤፤

## 10. ምግላፅን ዳታ ምዕቃብን

10.1 ናይ ምድናይ ስልጣን ብዘለዎ ኣካል ካብ ገበንን ዘይሕጋዊ ዝውውር ገንዘብን ማኒ ላውንደሪግ ዝተረኸበ ገንዘብ ኣብ ኣካውንቶም ምህላዉ እንተደኣተወሲኑ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኣብ ውሽጢ ኣካውንትኹም ዘሎ ገንዘብ ካብ ገበን ዝተረኸበ ገንዘብ ናይ ምቕባል ሕጋዊ ኣፍልጦ ወይ ስልጣን ንዘለዎ ኣካል ኣሕሊፉ ይህብ፤፤

10.2 **ደ.ት. ል. ም. ኢ. ማ** ዝንብሮም ንግዳዊ ልውውጣት ዳታ ክሳብ ሸውዓተ ዓመት ዝበፅሕ ወይ ብካልእ ሕጊ ወይ ደምቢ ዝድለ ክሳብ ዝኾነ እዋን ኣብ ኢዱ ሒዙ ክፀንሕ ይኽእል እዩ፡፡

12. ውሕስናን ወሰን ሓላፍነትን

12.1 **ደ.ት. ል. ም. ኢ. ማ** ዝተጠራጠሮም ምንቅስቓሳት ኣካውንት ንቢሮ ቁፅፅር ዘይሕጋዊ ዝውውር ገንዘብ ሪፖርት ይገብር፡፡እዚ ቢሮ ድማ ዝተጠራጠሮም ምንቅስቓሳት ኣግባብ ነዘለዎ ሕጊ መፈፀሚ በዓል ስልጣን ከመሓላልፎ ይኽእል፡፡

12.2 ኩሎም ሕቶታት ልውውጥ ንግዲ ብእዋኑ ንኽካየዱ **ደ.ት. ል. ም. ኢ. ማ** ዝከኣሎ ኩሉ ፃዕርታት ይገብር፣፣ ኮይኑ ግና **ደ.ት. ል. ም. ኢ. ማ** ቐፃልነት ንዘዎ ንዘይተቛረፀ ን ዘተኣማምን ግልጋሎት ኤም ብር ካብ **ደ.ት. ል. ም. ኢ. ማ** ቁፅፅር ወፃኢ ብዝኾኑ ኩነታት ፅዕንቶ ክፍጥር ዝኽእል ወይ ደማ በብእዋኑ ብዝግበር ፈተሻ፣ሕድሳት፣ጥገና ወይ ምምሕያሽ ዝኾነ ዓይነት ውሕስና ኣይህብን፡፡

12.3 ኮነ ኢሉ ብዝፈፀሞ ናይ ባዕሉ ጥፍኣት ምኽንያት እንተዘይኮኑ ንዝኾነ ዓይነት ሕቶ ይግበኣኒ ሓላፍነት የብሉን ወይ ኣይወስድን፡፡ **ደ.ት. ል. ም. ኢ. ማ** ዝስዕቡ ሓላፍነት ወይ ሕቶ ካሕሳ ይቃወም፡፡ ካልኦት ተወሰኽቲ ከምዘለዉ ኮይኖም ፣ቀጥታ ብዘይኮነ መንግዲ፣ተተሓሓዚ ውፅኢት ወይ ፒንቲቭ ካሕሳ በዚኣቶምን ብዝተገመተን ወይ ድማ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ዝበሃሉ መበገሲታት"

12.3.1 ንዘይተሓሰበ ወይ ዘይምልከቶ ተቐባሊ ዝተገበረ ልውውጥ ንግዲ ወይ ብናትኩም ዝሰሓሓተ ኣመላልኣ መጠን ገንዘብ ፣ዝተፈጠሩ ልውውጥ ንግዲ

12.3.2 ተጠቃሚ ተፈተሸ ኣይተፈተሸ ብዘየገድስ ብዝኾነ ተጠቃሚ ኤም ብር ዝተፈፀመ ዝኾነ ዓይነት ናይ ምጭብርባር ወይ ምትላል

12.3.3 ብናይ ተቐባሊ ናይ ዘይምቕባል ውሳነ ወይ ንሶም ዘካየድዎም ልውውጥ ንግዲ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ኤም ብር ብዘይምምዝጋቦም ምኽንያት ንዝበፅሕ ኪሳራ ወይ ጉድኣት

12.3.4 ካብ ስርዓት ኤም ብር ወፃኢ ዝኾነ ካልእ ናይ ቴሌኮሙኒኬሽን ወይ ናይ ዳታ ዝውውር ብልሽት

12.3.5 ብምኽንያት መንግስቲ ወይ ዝምልከቶ በዓልስልጣን ዝወሰድዎ ስጉምቲ ወይ ድማ ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ብዝኾነ መንገዲ ምኽንያት ዝተፈጠረ ዝተኸሰተ እንኾይኑ

12.4 ናይ **ደ.ት. ል. ም. ኢ. ማ** ናይ ምኽፋል ሓላፍነት/ተሓታትነት ካብ እንበዝሐ ሓደ ግዘ ወይ ብተኸታታሊ ዘጓነፈ ክስተት ኣብ ኣካውንት ካብ ዝነበሮም ቀሪ ሒሳብ ኣይበልፅን

12.5 ንስኹም እዞም ውዕልን ኩነታትን ብዘይምኽባርኩም ካብ ሳልሳይ ወገን ንዝለዓሉ ሕቶታት ካሕሳ **ደ.ት. ል. ም. ኢ. ማ** ንምክሓስ ወይ ካብ ጉድኣት ንምሕላው ተሰማሚኹም ኣለኹም፡፡

## 13. ሓፈሻዊ

13.1 ናትኩም ኣካውንት ኤም ብር ብምጥቃም ንካልእ ኣካል ልውውጥ ንግዲ ኤም ብር ምክያድ ዝተኸልከለ እዩ፡፡ ንገበን ተሓታታይነት ውን ከሳጥሓም ይኽእል እዩ፡፡ ብምኻኑውን ኤም ብር ኣካውንትኩም ንካልእ ሰብ ንግዲ ልውውጥ ንምክያድ ክትጥቀምሉ ወይ ክትፈቕዱ የብልኩሙን፡፡

13.2 እዞም ውዕላትን ኩነታትን ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ በቢእዋኑ ክመሓየሹ፣ ክቅየሩ ወይ ክለዋወጡ ክምዝኽእሉ ኣፍልጦ ዝሃቡ ምኺኖም ወይ ድማ ኣግባብ ምስ ዘለዎ ሕጊ ወይ ደምቢ

ዝፃረሩ ኮይኖም እንትርከቡ ተቐባልነትን ተፈፃምነትን ዝተረፉ ዓንቀፃትን ብዘይትንከፍ ኣገባብ ክኸውን ይግባእ፡

13.3 እዞም ውዕላትን ኩነታትን ኣብ ዝንከቶም ዛዕባታት ንተወዓዓልቲ ስምምዕነት ኮይኖም የገልግሉ ዝፀንሐ ወይ ናይ ቀደም ውዕሊን ኩነታትን ተኪኦም ተፈፀምቲ ይኾኑ፡፡ኣብ ሞንጎ ዝተወሰኹ ሓደሽቲን ነባራትን ኣፈላላይ እንተተፈጢሩ በውዕሊን ኩነታትን እዚ ዝተሰዓሩ ይኾኑ፡፡

13.4 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** በቢእዋኑ ሓደሽቲ ግልጋሎታት ኤም ብር ከተኣታቱ ከሎ እዞም ውዕላትን ኩነታትን ድማ ሓቢሮም ክመሓየሹ ይኽእሉ፡፡ ዝተመሓየሹ ውዕላትን ኩነታትን ድማ ብፖስተር፣ በረርቲ ፅሑፋት፣ ኣብ ናይ ወኪል መሸጣ ማእከል ወይ ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ፣ ብጋዜጣን ወይ ኣብ ድሕረ ገፅ ኤም ብር ክሕተሙ ክቃልሑን ይኽእሉ፡፡ ተፈፃምነቶም ድማ ካብ ዝተሓተምሉ ዕለት ጀሚሩ ይኸውን፡፡

13.5 **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ኣብዚ ውዕልን ኩነታትን ዝተጠቐሱ መሰላት ብዘይምጥቃሙ መሰሉ ከምዝገደፎ ኣይቁፀርን፣፣ ኣብ ዝኾነ እዋን መሰላቱ ካብ ምጥቃም ዝኽልክሎ ነገር የለን፡፡

13.6 ኣብዚ ውዕልን ኩነታትን እዚ ዘለኩም መሰላትን ግቡኣትን ብዘይ ናይ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ናይ ፅሑፍ ፍቓድ ምትሕልላፍ ኣይከኣልን””

13.7 እዚኦም ተወሰኽቲ ካልኦት ግልጋሎታት ከምዘለዉ ኮይኖም ዝኣመሰሉ ግልጋሎታት ኮነ ቁሳቁስ ክፍሊት ንምቅባል ግልጋሎት ኤም ብር ምጥቃም ክለኩል እዩ፡፡ **ዕፅ** መድሓኒት፣መሳርሒ ጦር፣ ግልጋሎት ፖርኖግራፊ ወይ ማቴርያል ፣ ግልጋሎት ፒራሚድ ኔት ወርክ፣ ናይ ሳልሳይ ወገን ናይ ኣእምሮኣዊ ንብረት መሰል ንምጥሓስ፣ ዘይሕጋዊ ጠላዕ፣ ሞራል ዝፃረር ማቴርያል፣ ስርዓት ኣልቦነት ወይ ዓመፅ ዘለዓዕል ወይ ጉድኣት ንምብፃሕ ዘለዓዕል ፣መጠኑ ዝሓለፎ ጭንቀትን ፍርሕን ዝፈጥር፣ ሰባት ጎዳኢ ዝኾነ ተግባር ንክፍፅሙ ዘተባብዕ፤ ናይ ብሄር፣ ጎሳ ግጭት ዘለዓዕል፤ ናይ ዘርኢ ወይ ሃይማኖት ዘይምክእኣል ዘለዓዕል፣ ሓደገኛን መጠነሰፊሕ ዝኾነ ገበን ዘለዓዕል ወይ ድማ ናይ ካልኦት ሞራል ዝትንክፍ ዘዋርድ ወይ ዘቋሸሽ ዝኾነ

13.8 ተጠቃሚ ኤም ብር ብሞት ምፍላዩ ዝተፈለየ ምኽኑ ወይ ናይ ኣእምሮ ፀገም ዘጋጠሞ ምኻኑ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ክፈልጦ ኣብ ዝተገበረሉ እዋን ናይ ውርሲ ወይ ናይ ጥዕና ሕጊ( ከም ኣድላይነቱ) ክሳብ ዝኸውን ምንቅስቓስ እቲ ኣካውንት ኣጊድዎ ይፀንሕ፡፡

13.9 ልዕልኢሉ ዝተጠቐሰ ከምዘሎ ኮይኑ ሞት ወይ ፀገም ኣእምሮ ኣብዘጋጠመሉ እዋን **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ] ዘለዎም ኤ-ገንዘብ ብኸመይ ኣገባብ ናይ ቀረባ ዘመድ ዝውከለሉ ወይ ዝሰየመሉ ዝኽእለሉ መንገዲ የቕርብ፡፡

13.10 ብሞት ናይ ዝተፈለየ ወይ ናይ ኣእምሮ ፀገም ዘጋጠሞ ኤም ብር ተጠቃሚ ገንዘብ ንምውሳድ ኣማሓዳሪ ወይ ውርሲ መፃረዪ እየ ኢሉ ዝቐረበ ሰብ ብ**ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ሕቶ ኣቕራብነት መመሓደሪ ምኽኑ ዝገልፅ ደብዳቤ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ወይ **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝሕተት ካልእ ቅጥዒ ከቕርብ ኣለዎ፡፡

13.11 ናይ ቀረባ ዘመዱም እንተወኪሎም ወይ ሸይሞም ወይ ፍርድቤት ኣማሓዳሪ መፃረዪ እንድሕር ሸይሙ፣ ሞት ወይ ቋሚ ዝኾነ ናይ ኣእምሮ ክእለት ፀገም ኣብ ዘጋጠመኩም እዋን **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ብመሰረትዚ ሹመት ወይ ውክልና ዝተረፈ ገንዘብኩም የመሓላልፍ፡፡

## 14. ድጋፍ ዓሚል ብዝምልከት

**14.1 ናይ መጀመርያ ናይ ድጋፍ መስመርም ብወኪላትን ብጨንፈራት ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዝውሰን ይኸውን፣፣ንሶም ዘቕርብዎም መብዘሕትኦም ሕቶታት ናብ ወኪል ጨንፈራት ዝምርሑ

ይኾኑ፣፣ ወኪል ጨንፈር ንዘቕረብዎ ሕቶ ዘዕግብ መልሲ ክህቡ እንተዘይክኢሎም፤ ወኪል ጨንፈር ንሕትኦም ብቑዕ ምላሽ ናብ ዝረኸብሉ ናይ ኤምብር ማእከል ግሊጋሎት ዓማዊል (ማግዓ) የራኽበኩም፡፡ንዓማዊል ናይ ኮርፖሬትን ንግድን ናብ ማእከል ድጋፍ ብቀጥታ ምድወል ይካኣል

## 15.ቅርታ፣ ጎንፂ ምፍታሕን ተፈፃሚ ሕግን

**15.1** **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ቅርታ መተኣናገዲ ስርዓት ዘርጊሑ እዩ፡፡ናይ መጀመርያ ብርኪ ኣብ ቀረበኦም ናብ ዝርከብ ወኪል ጨንፈር ብምኻድ ቅርትኦም ብምግላፅ ከመዝግቡ ይግባእ፡፡ በዚ ከይዲ ኣገባብ መሰረት ወኪል ጨንፈር ሓገዝ ዝህቦም ይኸውን፡፡

**15.2** ኣብ ሓደሓደ ኩነታት **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ምስ ተሳተፍቲ ነጋዴታት ብምትሕብባር ጎንፂ ዝፍተሓሉ መንገድታት ከዳልው ይኽእል፡፡ በዞም መፍትሒ መንገድታት **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ወይ ተሳተፍቲ ነጋዴታት/ትካላት በቢእዋኑ ብዝወሃብ ሓሳብ መሰረት ተገዛእቲ ይኾኑ

**15.3** ምስዚ ስምምዕነት እዚ ተኣሳሲሩ ዝለዓል ጎንፂ ብወኪል/ጨንፈር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ] እንተዘይተፈቲሑ ናብ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኤም ብር ክቐርብ ኣለዎ፡፡

**15.4** ምስዚ ስምምዕነት እዚ ተተሓሒዙ ዝተፈጠረ ጎንፂ ናይ ኤምብር **ደ.ት. ል. ም. ኣ. ማ** ዋና ኣካያዲ ስራሕ እንተዘይተፈቲሑ ናብ ግልግል ዳይነት ይምረሕ፡፡ እዚውን ብተወዓዓልቲ ወገናት ዝተመረፀ ሓደ ገላገሊ ዳይና ወይ ሽማግለ ይኸውን፡፡ ከምዚ ዓይነት ስምምዕ እንተዘየልዩ ድማ ጎንፂ ምፍጣሩ ካብ ዝተፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ካብ ተወዓዓልቲ ሓዲኦም ብምምልካት ብኣቦመንበር ትካል ግልግል ዳይነት ኢትዮጵያ ዝፍፀም ይኸውን፡፡

**15.5** ሕጊ ክሳብ ዝፈቐደ እዋን ውሳኔ ግልግል ዳይነት እኹል፣ ናይ መወዳእነታን ተዓዓልቲ ዝግዝእሉን ውሳነ ይኸውን፡፡

**15.6** ኣብዚ ክፍሊ ዘሎ ብሕጊ ዝተፈለጠ ጎንፂ ፈታሒ ትካል እዚ ጎንፂ ንምቕባል፣ንምስማዕ ወይ ንምርኣይ ኮነ ንምስዋን ከምዝኽልክል ተገይሩ ክውሰድ የብሉን፡፡

**15.7** እዚ ውዕሊ ብናይ ኢትዮጵያ ፌደራላዊ ሪፓብሊክ ሕግታት ኣገባብ መሰረት ዝግዛእን ዝትርጎምን ይኸውን፡፡